# ፍትሕ

ዳር - አል - ኑር

ካሊፋ ሐማድ እስማዕል

ዓብዱልቃድር ሙሐመድ አዋል

# العدل

دار - النور

خليفة حمد اسماعيل

عبد القادر محمد أول

بسم الله الرحمن الرحيم

ኣላህ (ዓ.ወ) ንኹሉ ፍጥረታቱ ብፍትሒ ኣቑሙዎ: ብፍትሒ መሬትን ሰማይን ህልዋት ኮይነን: ብፍትሒ ሸሪዓን እስልምናን ተመስሪቱ: ብፍትሒ ድማ ኣብ የውመልቅያማ ናይ ምትሕስሳብ: ብይንን ፍርድን ክፍጸም እዩ::

والسماء رفعها ووضع الميزان ألا تطغوا في الميزان

وأقيموا الوزن بالقسط ولا تخسروا الميزان

ኣላህ (ሱ.ወ) ንዓመጽ ኮታ ከምዝኾነነ ክሕብር እንከሎ: ረቢ ክንዲ ፍረ ኣድር'ውን ትኹን ንወልሓደ ካብ ባሮቱን ፍጡራቱን ከምዘይዕምጽ የብርህ::

وما ربك بظلام للعبيد

"ጽቡቕ ዝገበረ ንነብሱ: ሕማቕ ዝገበረ ንነብሱ: ኣላህ ግን ብፍጹም ንባሮቱ ዓማጺ ኣይኮነን!'

مَنْ عَمِلَ صَالِحًا فَلِنَفْسِهِ وَمَنْ أَسَاءَ فَعَلَيْهَا وَمَا رَبُّكَ بِظَلَّامٍ لِلْعَبِيدِ

" ኣላህ እካ ብወልሓደ ንደቂሰባት ኣይዕምጾምን እዮ፡ ግን ደቂ-ሰባት ነብሶም ባዕላቶም ይዕምጹ"

إِنَّ اللَّهَ لاَ يَظْلِمُ النَّاسَ شَيْئًا وَلَكِنَّ النَّاسَ أَنْفُسَهُمْ يَظْلِمُونَ '

ረቢ (ሱ.ወ) ንነብሱ ጥራይ ካብ ዓመጽ ኣይሓረመን፡ ንባሮቱ'ውን ከይተዓማመጹ ሓራም ጌርሎም፡፡ ኣብ ሓዲስ ቑድሲ ከምዚ ይብል "ኣቱም ባሮተይ ዓመጽ ንነብሰይ ከልኪለያ እየ፡ ኣብ ሞንጎኹም'ውን ክልክልቲ ጌረያ ኣለኹ'ሞ ኣይትተዓማመጹ፡"
ፍትሒ ከየንገሰ፡ ዓመጽ ዝመረጸ ኣብ ኣዱንያን ኣብ ኣኼራን ዓሰቡ ይረክብ፡ ፍረ-ስርሑ ድማ ይፍደ፡፡ ረቢ (ሱ.ወ) ንዓማጺ ወላኳ ዕድል እንተሃቦን እንተጽነሖን ኣይርስዖን፡ ምስ ሓዞ ድማ ኣይፍንዎን እዩ፡፡

وَكَذَٰلِكَ أَخْذُ رَبِّكَ إِذَا أَخَذَ الْقُرَىٰ وَهِيَ ظَالِمَةٌ إِنَّ أَخْذَهُ أَلِيمٌ شَدِيدٌ

ዓመጽ ክበሃል እንከሎ ሰለሰተ ዓይነት ዙልሚ እዩ ዘሎ፡ እቲ ቐዳማይ፡ ኣብ ምንጎኻን ኣብ ምንጎ ኣላህን፡ እዚ ማለት ንሓደ ኣላህ ገዲፍካ፡ ኣብ ኩፍርን ኣብ ሽርክን ምስትዋፈር ማለት እዩ፡፡

وَمَنْ أَظْلَمُ مِمَّنِ افْتَرَىٰ عَلَى اللَّهِ كَذِبًا

እቲ ካልኣይ፡ ኣብ ምንጎናን ኣብ መንጎ ደቂ-ሰባትን ክንተዓማመጽ እንከለና፡ ብመልሓስና፡ ብኢድና፡ ብተግባርናን ብስራሕናን ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ክንብድል እንከለና እዩ።

إِنَّمَا السَّبِيلُ عَلَى الَّذِينَ يَظْلِمُونَ النَّاسَ وَيَبْغُونَ فِي الْأَرْضِ بِغَيْرِ الْحَقِّ أُولَٰئِكَ لَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ

እቲ ሳልሳይ ድማ ሓደ ወዲ-ሰብ ንነብሱ ክዘልም እንከሎ እዩ፡ ኣብ ዘንቢ ብምውዳቕ፡ ዶባት ናይ ኣላህ

ብምጥሓስ: ንነብሱ ካብ ኼር ብምሕራም የጠቓልል። ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሓዲስ

الدَّوَاوِينُ عِنْدَ اللَّهِ ثَلاثَةٌ: دِيوَانٌ لا يَعْبَأُ اللَّهُ بِهِ شَيْئًا، وَدِيوَانٌ لا يَتْرُكُ اللَّهُ مِنْهُ شَيْئًا، وَدِيوَانٌ لا يَغْفِرُهُ اللَّهُ،

"ኣብ እንዳረቢ ሰለስተ ዓይነት ጽሕፍቶ ናይ ስራሕና (ሰነድ) እዩ ዘሎ: እቲ ሓደ ረቢ ዘይቐፍሮ ክኸውን እንከሎ (ሺርኪ ወይድማ ምስ ኣላህ ካልእ መሻርኽቲ ክትገብረሉ እንከለኻ እዩ): እቲ ካላኣይ ወዲ ሰብ ነብሱ በዲሉ ኣብ ዘንቢ ዝኣትዎ እዩ: ረቢ እንተደልዩ ይምሕሮ እንተደልዩ ድማ ዝቐጽዖ እዩ: እቲ ሳልሳይ ድማ ረቢ ዘይገድፎ እዩ: ንሱ ድማ ኣብ ሞንጎ ነብሱን ኣብ ሞንጎ ካልኦትን ኮይኑ ኣብ የውመልቅያማ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ደው ኢሎም ዝተሓሳሰብሉ ዙልሚ እዩ" ኢሎም::

ስለዚ ዓመጽ ከልኪሉና እዩ ኣይንተዓማመጽ። ረቢ ሓይልን ዓቕምን ሂቡካ ንኻልኦት ኣይትዓምጽ: ዓመጽ ጣዕሳ እዩ መወዳእትኡ: ዓሚጽካ ደቂስካ

እንተሓደረካ፡ ዝተዓመጸ ናብ ረቢ ዱዕኡ የብጽሕ እዩ ዘሎ፡ ናይ ኣላህ ዓይኒ ድማ ይርእያ እየን ዘለዋ ኣይደቀሳን።
ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ይሕብሩና ኣለው፡ ናይ ዝተዓመጸ ዱዓ መላሲ (ከልካሊ) ከምዘይብላ፡ ንላዕሊ ምስ ዓረገት ባብ ናይ ሰማይ ይኽፈተላ፡ ኣላህ ድማ ወላ ድሕሪ ነዊሕ ይኹን ከዐውተኪ እየ ይብላ፡ ስለዚ ካብ ዓመጽ (በደል) ክንጥንቀቕን ክንፈርሕን ከምዘለና ምዒዶምና።

ሓደ ካብተ ዝኸፈአ ዓይነት ዓመጻት፡ ዓመጽ መራሒ፡ ጉዳይ ሙስሊሚን ሓላፍነት ዝተሰከመ ሰብ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጽሞ በደል እዩ:: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ንካዕብ ኢብን ዑጅራ ዝትባህለ ሰሓቢ ከምዕድዎ እንከለው ከምዚ በልዎ፡ "ኣብ ቅድሚ ኣላህ እቲ ዝተጸልኤ ፍጡር፡ ሕማቕ ዓማጺ መራሒ እዩ፡ ያ ካዕብ፡ ኣለው መራሕቲ ብድሕረይ ዝመጹ፡ ብብርሃነይ ዘይምርሑ፡ ሱና ናተይ ዘይክተሉ፡ ንሓሶቶም ዝኣመንዎም፡ ኣብ ዓመጾም ዝሓገዝዎም

ካባይ ኣይኮኑን: ኣነ'ውን ካብኦም ኣይኮንኩን: ኣብ መዓልቲ ቅያማ ድማ ካብቲ "ሓውድ" ናተይ ኣይሰትዩን እዮም: እንተ'ቶም ንሓሶቶም ዘይኣመኑ: ኣብ በደላቶም ዘይሓገዝዎም ግን: ንሳቶም ካባይ እዮም: ኣነ'ውን ካብኦም እየ: ኣብ ሓውድ ናተይ ድማ ክንራኸብ ኢና: ያ ካዕብ ጾም ዋልታ እዩ: ሰደቃ ንዘንብኻ ተጥፍኦ ከምቲ ማይ ንሓዊ ዘጥፍኦ: ሰላት ድማ ምስክር እያ: ሰባት ክልተ ዓይነት እዮም: እቶም ሓደ ዓይነት ንነብሶም ኣብ ጥፍኣት ዝሸመምዋ ክኾኑ እንከለው: እቶም ሓደ ድማ ካብ ክልኩል ነገራት ነጻ ዘውጽእዋ እዮም" በልዎ::

ክቡራት ሙእምኒን!

ጽባሕ ንግሆ ንረቢ (ሱ.ወ) ካብ ደም ምፍሳስ የሕዋትና ብንጹህ ኢድ ክንረኽቦ እንተደሊና: ብንጹህ መልሓስ ክብረት የሕዋትና ከይቀንጠጥና

ክንረኽቦ እንተደሊና: ከብድና ገንዘብ የሕዋትና ከይበለዐት ክንረኽቦ እንተደሊና: ካብ ዓመጽ (ዙልሚ) ንከልከል::

ስለዚ ፍትሒ ከነንግስ: ንዓመጽ ገዲፍና ፍትሒ ከነቐድም ይግበኣና ብፍላይ እኳ እቶም ንኽፈርዱ ሓላፍነት ዝተዋህቦም: ሚዛን ሓሊዮም ብፍትሒ ክፈርዱ ዝያዳ ሓላፍነት ኣለዎም:: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ): "ፈርድቲ ሰለስተ ዓይነት እዮም" ኢሎም: "እቲ ሓደ ንጀና እዩ: እቶም ክልተ ግና ንጀሃነም እዮም" ድሕሪ ምባል ብኸምዚ ኣብሪሆሞ: "እቲ ንሓቂ ፈሊጡ: ብፍልጠት ሓቂ (ብፍትሒ) ዝፈረደ ንጀና እዩ: እቶም ክንልተ ንጀሃነም ዝኾኑ ድማ: ንሓቂ ፈሊጡ: ብሓሶት ዝፈረደን ሓንቲ ፍልጠት ዘይብሉ ብዊንትኡ ንሰባት ዝፈረደን እዮም" ኢሎም::

ክቡራት ሙስልሚን!

ፍትሐ ክበሃል እንከሎ ብዙሕ እዩ ዓይነቱ:
1. ፍትሐ ኣብ ሞንጎ ብኡሳት: እቲ ዘተዓርቖም ሰብ ብፍትሐ ከቃራርቦም: እቶም ብኡሳት ኣብ ዝተዓረቕሉ ድማ ብፍትሐ ብዘይ ዓመጽ ጉዳዮም መዕለቢ ክገብርሉ::
2. ፍትሐ ኣብ ሚዛንን ዓቐንን: ሸያጣይ ኣብ ዝሸጠሉ እዋን ብግቡእ መዚኑ ብዘይ ምጉዳልን ብፍትሕን ክዕቅንን ክመዝንን: ንሰባት ግቡኦም ከየግድለሎም: እቶም ዝዕድጉ'ውን ካብ ዝግበኦም ንላዕሊ ከይወስዱ::

3. ፍትሐ ኣብ ሞንጎ ምርዕዋት: ሰብኣይ ንሰብይቲ ብፍትሐ ክሕዛ: ዝግበኣ ከየጉድለላ: ንሳ'ውን ምስኡ ብፍትሐ ብዘይዓመጽ ክትካየድ:

4. ፍትሐ ኣብ ሞንጎ ደቅና: ብዙሓት ደቂ እንትለውኻ ብሓደ ዓይኒ ክትርእዮም: ሓደ ካብ ሓደ ከይተብልጽ: ናብ ገሊኦም ከይትዘዙ ንገሊኦም ከይትኅስዮም ክትጥንቀቕ:: ኣስላማይ ወላ'ታ ቀላል

ትበሃል ስዕመት'ውን ትኹን ብማዕረ የካፍሎም: ኣብ ህያብ ኣየበላልጾምን:

ብልጻትን ዓስብን ፍትሒ ብዙሕ እዩ: ብዓቢኡ ካብ ኣላህ (ሱ.ወ) ፍቶት ትጎናጸፍ:

وأقسطوا إن الله يحب المقسطين

ፍትሒ ኣብ ኣዱንያ ሰላም ንኽነግስ ይሕግዝ: ካብ ሰባት ትፈርሆን ትስከፎን ድማ የብልካን:: ሓደ ግዜ ንሰይድና ዑመር ክረክብ ኢሉ ዝተላእከ: "ኣበይ ኣሎ መራሒ ናይ ሙስሊሚን?" ኢሉ ሓተተ: ኣብ ትሕቲ ገረብ ብዘይ ሓላዊ ደቂሱ ምስ ረኣዮም ብምግራም: "መሪሕካ ፍትሒ ኣንጊስካ: ተኣማሚንካ ድማ ደቂስካ" ክብል ተሰምዐ:: ፍትሒ: ንድኹም: ንድኻን ንሽጉርን ውሕስነት ይህብ: ኣብ ሞንጎ መራሕን ተመራሕን ፍቶትን ፍቕርን ይዘርእ: ንዓማጺ ቦታ ይኸልእ: ክብረት ደቂ ሰባት ይሕሎ: ደሞም ይዕቀብ: ሰላም ይሰፍን: ጽልእን ቅርሕንትን ድማ ይውገድ::